# ኤርትራ፡ ነቶም ን10 ዓመት መመላእታ ተሓይሮም ዘለዉ እሱራት ፖለቲካ ነጻ ክትለቆም ይግባእ

**22 መስከረም 2011**

እቲ ንገዛእ ህዝቡ መሰል ዝሓረመ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት መሰሉ ከኽብረሉ ይሓትት።

(ኒውዮርክ) - እቲ ንዝነቐፉዎ 21 ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስትን ጋዜጠኛታትን ን10 ዓመት መመላእታ ክእሰሩ ዝኣዘዘ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ነቶም እሱራት ነጻ ክለቆም ወይ ድማ ሃለዋቶም ክሕብር ከምዘለዎ፡ Human Rights Watch ‘ሁማን ራይትስ ዎች’ ብ22 መስከረም ኣብ ኒውዮርክ ኣብ ዝዘርግሖ መዘከር ገሊጹ። ኤርትራ፡ ኣብያተ ማእሰርታ ንኣህጉራውያን ተቘጻጸርቲ ክፉት ክትከብሮ ‘ውን ጸዊዑ።

ኢሳይያስ፡ ንሶማላውያን ናዕበኛታት ኣል-ሸባብ ንምሕጋዝ ብዝጸወቶ ተራ ብእገዳ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዝጸዓረሉ ዘሎ እዋን፡ ስም ሃገሩ ንምሕዳስ ክፍትን ኣብ ሓፈሻዊ ኣኼባ ሕቡራት ሃገራት ንምስታፍ ኒውዮርክ ይበጽሕ ኣሎ።

ኣብ’ዚ ዝሓለፈ 10 ዓመታት፡ ኢሳይያስ፡ ንኹሉ ነጻ መራኸቢ ብዙሓን ብምዕጻው፡ ንኤርትራ፡ ማእሰርቲ ብሃውሪ ዝካየደላ፡ ግፍዕን ስቓይን፡ ምጥፋእ ሃለዋትን ሞትን ዝሳዕረረላ፡ ገዲፍካያ ክትወጽእ ‘ውን ተኸእሎ ዘይብላ ሃገር ገይሩዋ። እዚ፡ “ኤርትራ፡ 10 መወዳእታ ዘይብሉ ዓመታት፡ መብርሂ ብዛዕባ ሃለዋቶም ዝጠፍአ ፖለቲካውያን እሱራት” ብዝብል ኣርእስቲ ዝተዳለወ መብርሂ ሰነድ፡ ነቶም ብ መስከረም 2001 ካብ ዝእሰሩ ንደሓር ወጻእተኛታት ርእዮሞም ዘይፈልጡ እሱራት ብዝምልከት ክርክብ ዝኸኣለ ሓበሬታ ኣስፊሩ ኣሎ።

“ኤርትራ ዓባይ ቤትማእሰርቲ እያ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ንኹሎም እሱራት ፖለቲካ ነጻ ለቒቑ ግዝኣተ - ሕጊ ከሳብ ዝመልስ ከኣ፡ ኣህጉራዊ ጸቕጢ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ክቕጽል ኣለዎ” ይብል ዳይረክተር ሁማን ራይትስ ዎች ዞባ ኣፍሪቃ ዳኒኤል በቀለ። “ ከም ናይ ፈለማ ስጉምቲ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ነቲ ብምስጢርን ሰላሕታን ዝፍጽሞ ኢሰብኣዊ፡ ደረት ግዜ ዘይብሉ ማእሰርቲ ደው ኣቢሉ፡ ስድራቤት ግዳያትን ኣህጉራውያን ተኸታተልትን ነቶም እሱራት ክበጽሑዎም ከፍቅድ ኣለዎ።”

ኣብ መፋርቕ 2001፡ ኢሳይያስ፡ ምሕረደራሑ ብምቅዋም ቅሉዕ ደብዳበታት ንዝጸሓፉ 11 ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስቲ ክእሰሩ ኣዚዙ። ነቶም ነዚ ደብዳበታትን ካልእ ንዕኡን ፖሊሲኡን ዝነቕፍ ሓበሬታታትን ዘሕተሙ 10 ጋዜጠኛታት ብምእሳር ‘ውን ንኹለን ነጻ ጋዜጣታት ዓጽዩወን።

እቶም 20 ደቂ ተባዕትዮን ሓንቲ ጓልኣንስተይትን፡ ካብቲ ቀጻዒ ስርዓት ወጻኢ፡ እንተላይ ስድራቤቶም፡ ጠበቓታት ወይ ተቘጻጸርቲ ኣብያተ ማእሰርቲ ዝኾኑ ጉድለታት፡ ርእዮዎም ዝፈልጥ ወገን ፈጺሙ የልቦን። ናብ ፍርዲ ኣይቀረቡን፡ በንጻሩ ኩሎም እቶም 21 ግዳያት፡ ኣብ ብሕታዊ ሸላታት ብምስጢር ተኣሲሩም ይሳቐዩ ኣለዉ። ሓለውቲ እሱራት ነበር ብዝሃቡዎ፡ ሁማን ራይትስ ዎች ከረጋግጾ ዘይከኣለ ሓበሬታ መሰረት፡ 10 ካብቶም 21 እሱራት ኣብቲ ማሕዩር ክመቱ ከለዉ፡ እቶም ዝተረፉ 11 ብኣካልን ብኣእምሮን ኣዝዮም ተጎዲኦምን ሳጽዮምን ኣለዉ።

እዞም 21 ኣዝዮም ፍሉጣት ግዳያት ናይቲ ኢሳይያስ ዝፈጸሞ ጥሕሰት መሰረታዊ መሰላት ደኣ ይኹኑ'ምበር፡ ኣብዚ ዝሓለፈ 10 ዓመት፡ ኣብዛ ዓዲ 5 ሚልዮን ህዝቢ ዝኾነት ሃገር፡ ኣማኢት ኣሽሓት ካልኦት ግዳያት ኮይኖም እዮም።

እቲ መብርሂ ሰነድ፡ ነቲ ስርዓት ብሉእ ልቦም ብዘይምድጋፎም ተጠርጢሮም ወይ ከኣ ካብቲ ደረት ግዜ ዘይብሉ ናይ ኤርትራ ግዱድ ሃገራዊ ኣገልግሎት ከምልጡ ብምፍታኖም ኣሽሓት ተኣሲሮም ከምዘለው ይጠቅስ። እቶም ግዳያት፡ ኣብ ቤትፍርዲ ክቐርቡ ኮነ ንዘይሻራዊ ኣካል ይግባእይ ክብሉ ዕድል የብሎምን። ካልኦት ኣሽሓት ኣባላት ናይተን ብመንግስቲ ኤርትራ ከም ሕጋውያን ሃይማኖታት ተፈላጥነት ዘይረኸባ፡ ከም መሰካኽሪ ጅሆባ፡ ኢቫንጀሊካውያን ኣብያተ ክርስትያናት፡ ጽገናዊ ክንፍታት ኦርቶዶክሳዊት ቤተክርስትያን 'ውን ተኣሲሮም ኣለዉ።

ካብ 2002 ዓመተ ምህረት ኣትሒዞም፡ ካብ 18 ክሳብ 60 ኤርትራውያን ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን፡ ኣብቲ ብቐጻሊ ዝናዋሕ ሃገራዊ ኣገልግሎት ክስለፉ ተኣዚዞም። ብዙሓት ካብዞም ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝተኸትቡ ኤርትራውያን፡ ኣብ ንግዳዊ ትካላት ናይቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ሰልፊ፡ ወይ ከኣ፡ ብላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ኣብ ዝውነኑ ንግዳዊ ንጥፈታት፡ ኣብ ግዱድ ዕዮ ተዋፊሮም ይርከቡ። እተን ክቱባት ደቀንስትዮ 'ውን ብኣዘዝቲ ሰራዊት ጾታዊ ዓመጽ ከምዝወርደን ይሕብራ። ገንዘባዊ ክፍሊት ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣዝዩ ትሑት ብምዃኑ ስድራቤት ንምሕጋዝ ዝበቅዕ ኣይኮነን።

“ኣገልግሎት ንህይወት መመላእታ፡ መንግስታዊ ጸቕጥን ደረት ዘይብሉ ዕስክርናን ኣብ ኤርትራ”
ብዝብል ኣርእስቲ ዝተዘርግሐ ጸብጻብ ሁማን ራይትስ ዎች 2009፡ ናይ ፖለቲካን ሃይማኖትን እሱራት፡ ከምኡ'ውን ዘገልግሉሉ ኩነታት ዝቃወሙ ወይ ድማ ካብቲ ደረት ኣልቦ ኣገልግሎት ከምልጡ ዝፍትኑ ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት ከመይ ዝኣመሰለ ግፍዕታት ከምዝወርዶም ይገልጽ። ብዘይካ'ቲ መሪር መግረፍቲ፡ ተምሳላዊ ምጥሓል፡ ሕሱም ቃንዛ ብዘስዕቡ መኣዝናት ምእሳር፡ ኣብ ጎማ መኪና ምጥማርን ካብ ገረብ ምንጥልጣልን ዝኣመሰሉ ዝርከቡዎም ሜላታት ግፍዒ ዝውቱራት እዮም። ኣብቲ ብሕታዊ ማእሰርቲ ንግዳያት ዘጋጥሞም ኩነታት፡ ጭካኔን ኢሰብኣውነትን ውርደትን ዝመልኦ እዩ። ብዙሓት ካብቶም እሱራት ኣብ ትሕቲ-መሬት ንኣዋርሕ ወይ ዓመታት ዝተሓየሩ እዮም። ካልኦት 'ውን፡ ብቐትሪ ኣዝዩ ልዑል ዘንድድ ሙቐት ብለይቲ ድማ ዘንቀጥቅጥ ቀዝሒ ቁሪ ኣብ ዘለዎም ኮንተይነራት ይዳጎኑ። እሱራት ዝረኽቡዎ ሕክምናዊ ሓልዮትን ክንክንን ዳርጋ የልቦን። ኣብ ማሕዩር ሞት ብቐጻሊ የጋጥም።

ብመሰረት ጸብጻብ ትካል ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣስታት 3000 ኤርትራውያን ወርሓዊ ሃገር ገዲፎም ይስደዱ። ሃገራዊ ኣገልግሎት ምሕዳግ ወይ ከኣ ብዘይፍቓድ ካብ ሃገር ምውጻእ፡ በቶም ሰበስልጣን ማዕረ ክድዓት እዩ ዝርአ።

ኢሳይያስ፡ ነቲ ኤርትራ ኣብ ሶማልያ ጸኒዑ ንዝጸንሐ እገዳ ኣጽዋር ‘ጥሒስኪ’ ከምኡ ‘ውን ኣብ 2008 መሬት ጅቡቲ ‘ወሪርኪ’ ተባሂላ ድሕሪ ምኽሳሳ፡ ብባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊኡን መንግስቱን ዝተበየነ እገዳታት ንምቅዋም ኣብ ኒውዮርክ ይርከብ ኣሎ። ኤርትራ ነቲ ኣንጻራ ዝቐረበ መርትዖታት ንምክርኻሩ፡ ከምኡ ‘ውን ፍትሓዊ መማጎቲ ባህታ ክትረክብ፡ እቲ ቤት ምኽሪ ዕድል ከምዘይሃባ ‘ውን የዕዘምዝም። እንተኾነ፡ ንሱ ‘ውን፡ ነዚ ዝሓለፈ 10 ዓመታት፡ ንህዝቢ ኤርትራ ከምዚ ዝኣመሰለ መሰላት ኣይፈቐደሉን።

“ንውድብ ሑብራት ሃገራት ካብ ምልማን፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ህዝቢ ነጻ ኮይኑ ክዛረብ፡ ባህ ብዝበሎ መንገዲ ክጽሊ፡ ምርጫኡ እንተኾይኑ ድማ ክምድላዩ ካብ ኤርትራ ክወጽእ ክፍቅደሉ ኣለዎ” ይብል በቀለ። “ፕረዚደንት ኢሳይያስ ዓማጺ ፖሊሲታቱ ክሳብ ዘይለወጠ፡ ንኤርትራውያን መወዳእታ ዘይብሉ ዝተናውሐ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ዓመጽን ስቓይን ክገጥሞም እዩ።”

ካብ ኤርትራ ኣምሊጦም ዝተሰደዱ ኤርትራውያን ናብ ሃገሮም እንተተመሊሶም፡ ካብታ ሃገር ብምውጽኦም ጥራይ ኣብ ሓደጋ ክወድቁ ስለዝኽእሉ፡ ካልኦት ሃገራት ክመልስኦም ክምዘይብለን ‘ውን ሁማን ራይትስ ዎች ይሕብር።